الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

## 2010 ሓድሽ ዓመት፣ ዓመተ ራህዋ፣ ሰላም ፣ ዓወት

ዓመተ 2010፡ ጸልማት ተቐንጢጡ፡ ብርሃንን ዕርቅን ንርእየሉ፡ ሰላምን ፍትሕን እንስተማቕረሉ ዓመት ክትኮነልና ንምነ። ትምኒት ንባዕሉ ብጽቡቕ ድልየት ጥራሕ ዚጭበጥ ኣይኮነን። ከቢድ ስራሕ ዚሓትት'ዩ። ከምቲ ንኹሉ ብድሆታት ተጻዊርና ልኡላውነት ሃገርና ዘውሓስና ሕጂ'ውን እምቢ ንግዕዘይ ምሕደራ ህግደፍ ዚብል ጭርሖ ብምልዓል ነቲ ዘይተርፍ ዓወት ንምጭባጥ ብልዑል ኒሕን ናህርን ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኣሎና። ሕማቑን ጽቡቑን ፈሊና ክንርኢ ክንክእል ኣሎና። ሎሚ ብስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘይተፈጸመ በደል የለን። ብዓቢኡ ሃገርና ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ተነጺላ ንህላወኣ ዚፈታትን ሓደጋታት የንጸላሉ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዘበለ ኩነታት ድማ ደንበ ተቓውሞ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ህጹጽ ናይ ሓባር ስትራተጂ ስኢሉ ብዘለዓለ ደረጃ ክሰርሕ ይግባእ። እዋኑ እዋን ምዝናይን ኣይኮነን። ኣብ ዘየድሊ ምውጣጥ ንደምበ ተቓውሞ ሃስያ እምበር ጠቕሚ የብሉን። ነቲ ብዚተሓተ ነጥቢ ተኣሳሲሩ ዘሎ ደንበ ተቓውሞ ኣብ ነንሕድሕዱ ዘይምትእምማ ዚፈጥር ኣከያይዳ ንስርዓት ህግደፍ ጥራሕ ኢዩ ዘርብሕ። ብሓደ ድምጺ ንህዝብና ኣጆኻ ክንብሎ ይግባእ። ኣብ ሊዕሊ ዓመጽትኻ ሕነ ክንፈድየልካ ኣብ ጎድንኻ ኣሎና ንበሎ። ብግብሪ ምስ እነርእዮን እነእምኖን ከኣ ንጉዳዩ ባዕሉ ክብገሰሉ ኢዩ። ህዝቢ እንተ ኣሚኑ ምስ ተበገሰ ዓጋቲ የብሉን። 2010 ከኣ ነዚ ብግብሪ እንሰርሓሉ ዓመት ክትከውን ኣሎዋ።

ከም ኩሉ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ሓድሽ ዓመት ክኣቱ እንከሎ ብሓጎስን ብልዑል ተስፋን፡ ዓመተ ሰላምን ዕርቅን፡ ዓመተ ቅሳነትን ራህዋን ፍትሕን ክትኾነሉ ኢዩ ዝምነ። ትምኒቱ ክውን ንምግባር ከኣ ብግብሪ ምእንቲ ነባሪ ሰላም ኩሉ በደላት ዚገድፍ ህዝቢ'ውን ኢዩ። ኣብ ሞንጎ ዓለታት፡ ዓድታት፡ ቀቢላታትን ስድራ ቤታትን ዘጋጥም ደም ዚተኸለ ባእሲ እኳ ብሽምግልና ዓበይቲ ዓድን ሽማግለታትን ካብ በዳሊ ንተበዳሊ ካሕሳ ብምኽፋል ዕርቂ ይገብሩ። ኩልሳዕ እኳ እንተዘይኮነ ካሕሳ ዝኸፍል ጌግኡ ምስ ኣመነን ተቐበለን፡ ተቐባሊ በላዕ ካሕሳ ንኽይብሃል ምሒረካ ዚብሃለሉ ግዜ'ውን ኣሎ። ካብዚ ንላዕሊ ዚሓትት ባእሲ ምስ ዚኸውን ከኣ ዝያዳ ውሕስነት ንክህልዎ ብመውስቦ ደረጃ ይፈትሕዎ። ብሓፈሻ ምእንቲ ዘላቒ ሰላም ይቕረ በሃላይ ሕብረተ-ሰብ ኢዩ ዘሎና። እዚ ቅዱስ ተግባር ኣብ ሓዲሽ ዓመት ጥራሕ ኢዩ ዝፍጸም ማለት ግን ኣይኮነን። ኣብ ዘጋጠመሉ ግዜ ዝማላእ ተግባር ኢዩ። ድኽነት ጠፊኡ ዓመተ ሽሻይን ለምለምን ክኾነሉ ኢዩ ኩሉ ባህግታቱ። ስለዚ ንሓድሽ ዓመት ብሉዑል ተስፋን ዕልልታን ምስ ጎረባብቱ እንቋዕ ኣብዚ ኣብጽሓና እናተባሃሃለ፡ ሰዊትን ዕንባባን (ርኹብ) ንዘይብሉ እናካፈለ ሓድሽን ጻዕዳን ልብስታት ብምውዳይ ኢዩ ዘብዕላን ዚቕበላን። (ህዝብና ምስ ልምዳዊ ባህሉን እምነቱን ዝተኣሳሰረ ሓድሽ ዓመት ኣብ መስከረም ስለ ዚውዕል በዓሉ ሽው ኢዩ። መንግስታዊ ምምሕዳር ዚጥቀመሉ 2010 ኣብ ብጥሪ ይብዓል'ውን ኢዩ)። ሓሳቡ ግን ሓደ ኢዩ።

ሓድሽ ዓመት 2010 ብተስፋን ብልዑል ጽንዓትን ክንቅበላ ከሎና ኣብ ቅድሚ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ክልተ ዓበይቲ ብድሆታት ኢዩ ዘሎ።

ቀዳማይ ብድሆ፡

2009 ንኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ፈታኒት ዓመት ኢያ ነይራ። ብክንደይ መሰናኽላት ዚተተኽለ ዲሞክራስያዊን ትካላውን ፕራሚድ መሪሕነቱ ብጉልባብ ሓድነት ብዘይሕጋውን ብዘይዲሞክራስያዊን ኣገባብ ንምፍራሱ መሪጽም። ውድብ ብምሉኡ ተሓሚሱ ንህላወኡ ዚፈታትን ዓቢ ብድሆ'ውን ኣጋጢምዎ። ሳላ ጽኑዓት መሰረታቱ ግን መደቦም ክዕወት ኣይከኣለን። ሓድነት ኣባላት ከላሕልሑ ብዙሕ ጽዒሮም'ውን ኣይኮነሎምን። ኤህም ካብ ዚውለድ ኣትሒዙ ኣብ ዚተፈላለየ እዋናት ከጋጥሞ ዝጸነሐ ዕንቅፋታትን ብድሆታትን፡ ሳላቶም ጽኑዓት መሰረታቱ ንኹሉ መሰናኽላት ተጻዊሮም ከም ውድብ ጠጠው ዘበልዎ ናይ ትማሊ ተዘክሮ'ሎ። እቲ ዚገርም ኣብ ክፉእን ሕማቕን  እዋን ኣብ ጎድንኻ ጠጠው ዚበሉ መቓልስትኻ ጎሲኻዮም (ገዲፍካዮም) ንበይንኻ ምጉያይ ጣቓ ዘለዎ ኣይነበረን። በይኑ ዚጉይይ ዚቕድሞ የብሉን ዚብሃል ምስላ ከኣ ከምዚ'ዩ። ውድብካ ኣፍሪስካን መሰረታትካ ገዲፍካን ዚግበር ሓድነት ንባዕልኻ ኣይትረብሕ ነተን ትጽንበረን ኣየርብሕ። ሓድነት ውድብካ ከይሓሎኻ ናብ ጎረበት ከድካ ፍልልያትኩም ብዘተ ፍትሕዎ ዚብል ቁርጡው ኣዘራርባ ንሰምዕን ንርእን ኣሎና። እዚ ግን ካብ ምውርዛይ ሓሊፉ ትርጉም ዝውሃቦ ኣይኮነን። ድሕሪ'ዚ ተረኺቦ'ዚ ገለ ክፉል ማ/ባይቶን ዚበዝሑ መሰረታትን ቀዳምነት ውድቦም ንምድሓን ኣራሚ መጸዋዕታ እኳ እንተጠለቡ ሰማዒ ኣይረኸቡን። ሽግራትና ንምፍታሕን ንምእራሙን ተደጋጋሚ ዓቃል ጻዕርታት'ውን ተኻይዱ። ክሳብ ሕጂ ኣወንታዊ ምላሽ ከኣ ኣይረኸበን።

ውድብና ኤህም ሕጂ ሓውዩ ደልዲሉ፡ ብክልተ እግሩ መሊኡ ክረግጽ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ይርከብ። ሕማቑን ጽቡቑን ፈላልዩ ክርኢ'ውን በቒዑ ኣሎ። መትከላትን ዕላማታትን ኤህም ከተግብር ሕጂ ወላ ሓደ ጸገም የብሉን። ቀጺሉ ዚመጽእ ከም ውድብ ህላዊኡ እውጅ ክገብር፡ ዚሓንጸጸ መደባት ከዕውት፡ ብሓያል ኒሕን ልዑል ፍናን 2010 ይቕበላ። <u>እቲ ስምረት 3ተ ኣብ 29/12/09 ክጥመቕ ኢዩ ዝብሃለና ዘሎ ነቲ ፍሉይ ጉጅለ ኤህም ኣብ መሪሕነት ጥራሕ ዚተሓጽረ ብዘይ ሕጋዊ ዝጽንበሮም ዘሎ እምበር ንኣና ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንመሰረታቱ ዚውክል ከም ዘይኮነ ክንሕብር ንፈቱ።</u>

ካልኣይ ብድሆ፡

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣካል ደንበ ተቓውሞ ኢዩ። ኪዳን ብዝተሓተ ፕሮግራም ተሰማሚዑ ዚኸይድ ጥርናፈ ናይ ዚተፈላለያ ውድባት ከም ምዃኑ መጠን፡ ኤህም ናጽነቱ ሓልዩ ምስ ኣባላት ኪዳን ይኹን ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዋ ውድባት ኣብ ምእላይ ስርዓት ህግደፍ ዘሎና ናይ ሓባር ዕዮ እጃሙ ክገብር ድሉው'ዩ።

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ስርዓት ህግደፍ ብሰላም ስልጣኑ ንህዝቢ ከረክብ ኢዩ ዚብል እምነት የብሉን ኣይረኣዮን'ውን። ሎሚ ስርዓት ህግደፍ ብህዝቢ ኤርትራ ተፈንፊኑን ተጻሊኡን ኣሎ። ብሰንኪ ተናኻሲ ጠባዩ ከኣ ካብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም'ውን ተነጺሉ ኣሎ።  ህግደፍ በቲ ዚኸዶ ዘሎ ድሮ ውሽጡ ቦኽቢኹ ድፍእ ዘብሎ ጥራሕ ኢዩ ስኢኑ ዘሎ። እታ ናይ ዘሮ ሰዓት እናቀረበት ትመጽእ ኣላ። ይዕበ ይንኣስ ድማ ኣብታ ናይ ዘሮ ሰዓት'ውን እንተኾነ ዓመጽ (ጎነጽ) ዘይተርፍ ኢዩ።  እቲ ዝድለ ዘሎ ጎነጽ ህዝቢ ኤርትራ ዚቕበሎን፡ ንስርዓት ህግደፍ ዘሕምም ናብቲ ቀንዲ መሓውር ጸጥታዊ ትካሉ ዘተኮረ ጥራሕ ክኸውን ኣለዎ። ሎሚ ስርዓት

ህግደፍ ኣብ ነንሕድሕዶም ዘይፋለጡ ክሳብ ስድራ ቤታት ዚተዘርግሑ ተደራረብቲ ሰለይቲ ኣዋፊሩ ህዝቢን ሰራዊትን ፊሒት ከም ዘይብሉ ቆሪኑ ሒዝዎም ዘሎ። ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤት ከይተረፈ ኣትዩ ስኒት ዝኽልእ ገባቲ ጉጅለ ኢዩ። ኣብ ወጻኢ ከይተረፈ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ተሰግሲጎም ሓድነት ህዝቢ ዚዘርጉን ሓይልታት ተቓውሞ ከይሰምር ለይትን መዓልትን ተልእኽኦም ይፍጽሙ ከም ዘለው መን ይስሕቶ። ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ከም ነጻ ነጋዶ ተመሲሎም እሞ ኣብ ሓጺር ግዜ ሚልዮናት ገንዘብ ዘንቀሳቕሱ ካበይ ዝመጸ'ዩ። ዕላማኡ'ኸ እንታይ ኢዩ እንተተባህለ ንሓደ ውልቀ ሰብን ጉጅልኡን ንምድሓንን ንምሕላውን ዚተዋፈረ ርሰማልዶ ኣይኮነን። ብቀሊሉ ኣብ ሓጺር ግዜ ሚልዮናት ገንዘብ ዚርከብ እንተተዝኽውን ነይሩ ኣብዚ ዓለም ኩሉ ሃብታም ምኾነ። “ ካብ ቆጽሊ ሰባ-ሃቦ ሽምጢጥካ ገንዘብ ዝግበር እንተ ኾይኑ ከኣ ንጉጅለ ህግደፍ ጥራሕ ዚተሓዝአ ፍሉይ ሕዛእቲ'ዩ ”። መልሱ ንጹር ኢዩ። ገባትን ጨፍላቕን ዚኾነ ስርዓት ከኣ ዕምሩ ንምንዋሕ ባጀት ሃገር ኣብ ከምዚ የጥፍኦን (የውዕሎን)።

እተን ዘቐመን ህዝባዊ ማሕበራት'ውን እንተኾና ቀንዲ ዕላመአንን መዓልታዊ ስርሓተንን ንሓለዋ እዚ ፍሉይ ፓርቲ (ሰልፊ) ኢየን ዘተግብራ ዘለዋ። ሓለፍተን ብሕርያ ሓላፊ ስርዓት ህግደፍ ዚተመዙ ኢዮም። ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ነይነቲ ጓል-ነስተይቲ ተጣቢቓ ትፈልጥ። ኣሓትና ናብ ከደምቲ ጀነራላት ኢየን እኳ ተለዊጠን ዘለዋ። ኣደ መምበር ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህግደፍ ኢያ። ሓላፊ ማሕበር መንእሰይ ዚነበረ ኣቶ ሽንገብ ማሕየዲን እውን ብተመሳሳሊ ዚመጸ ኢዩ። ኣየናይ ማሕበር ኢዩ ኣባላቱ ብነጻ ደሞክራሲያዊ መሰሎም ተጠቒሞም ሓለፍቶም ዚመረጹ።

ሰላም ኣብ ስርዓት ህግደፍ ቦታ የብላን። ኣብ መዝገቡ'ውን ደሊኻ ኣይትረኽባን። ሰላም ንስርዓት ህግደፍ ሞቱ ኢያ። ንሰላም ዚቕበል ባህርይ እንተዚውንን ነይሩ ብቐዳምነት ነቶም ንመዋእሎም ምስኡ ተቓሊሶም ዘቓልሱ ላዕለዎት ሓለፍቲ ንዘልዓልዎ ሕቶ ናይ ሰላምን ዘተን መኣዲ ምቕባል ዝቐለለ ነይሩ።

ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ይኹን ብፍላይ ኣብ ውሽጢ ህ.ሓ.ሓ.ኤ (ህ.ግ.ሓ.ኤ) ኣብ ሊዕሊ ንጹሃት ኤርትራውያን ዚተፈጸመ ቅንጸላታት ዲሞክራሲያዊ ሕቶ ስለ ዘልዓሉ ድኣ እምበር ካልእ በደልን ሓጥያትን ነይሩውም ኣይኮነን።

ድሕሪ ነጻነት ብዶብን ካልእን ምስምስ ፈጢሩ ኣብ ህዝብን ሃገርን ዚተፈጸመ ክሕደትን ዓበይቲ ክሳራታትን፡ ቀጺሉ ሃገር ብምልእታ ናብ ሲኦላዊት ቤት ማእሰርቲ ለዊጥዋ ዘሎ መን ዲዩ?። መራሒ ስርዓት ህግደፍ ብዊንታኡን ንውልቃዊ ህቡብነቱን ክብልዶ ኣይኮነን እዚ ኩሉ ዕንወት ተፈጺመ ዘሎ። በዚ መትከል'ዚ ዚምራሕ ውልቀ መላኺ ካብ ናቱ ዚተፈልየ ርእይቶ ዘይቕበልን ዘይጻወርን፡ ህላወኻ ዘይኣምንን ዘይቕበልን ስርዓትስ ብሰላማዊ መገዲ ጥራሕ ክልወጥ ኣለዎ ምባል፡ እዛ ቡርኩታ እምኒ ኣላታ ኢዩ ነገሩ። ዘይእውጅ ኩናት ኣብ ሊዕሊ ህዝቢ ኢዩ'ኮ ዝፍጽም ዘሎ። ንሓንቲ ባኒ ክረክብ ንሳ'ውን ትረኽ ኣይትረኽብ ጋዶ ሰዓት 4 ናይ ለይቲ መስርዕ ኣይሓዘን ዲዩ?። ኣሎ ዚብሃል ክፉእ እምበር ጽቡቕ ርእዩዶ ይፈልጥ'ዩ። ኤርትራ ቅዋምን ሕግን የብላን። ውሕስነት ዜጋታታ ዚሕሉ ቀያዲ ሕጊ የለን። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዜጋታት ወፊሮም ብሰላም ክምለሱን ከይምለሱን ዘለዎም ዕድል ኣብ ኢድ ጉጅለ ስርዓት ህግደፍ ኢዩ ወዲቑ ዘሎ። ቅዋምን ሕግን ከይህሉ ዚሕንግድ ስርዓት ከኣ ከታሪ እምበር ስርዓት ክትብሎ በየናይ መዓቀኒ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዚንቀሳቐስ ፍጡር ብምልኡ ውልቃዊ ጥሪት መራሒ ህግደፍዶ ኣይኮነን ተለዊጡ ዘሎ።

ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ስርዓት ህግደፍን ዘሎ ግርጭት ተጻራሪ ኢዩ። ተጻራሪ ግርጭት ከኣ ይፍታሕ እምበር ክተዓረቕ ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ ስርዓት ህግደፍ ከልግስ ኣለዎ። ጨፍላቕን ዓማጽን ስርዓት ብሰላም ስልጣኑ ንህዝቢ ዘረከበ ኣብ ዓለም ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ህዝቢ ክንብል ከሎና ብዘይካ እቲ ፍሉይ ጉጅለን ጸጥታዊ ትካሉን ካልእ ብምሉኡ ግዳይ ናይዚ ስርዓት'ዚ ስለ ዝኾነ ኣካልናን ፈታዊናን ኢዩ። ሃገራዊ ሰራዊት፡ ዋርሳይ ይከኣሎ ምስቲ ፍሉይ ጉጅለ ዚምድና የብሉን። ንባዕሉ ግዳይ ስርዓት ህግደፍ ኢዩ። ስለዚ ፈታዊና እምበር ጸላኢና ኣይኮነን። እቲ ዚድለ ለውጢ ብዘይምትሕብባር ናቱ ክዕወትን ተግባራዊ ክኸውንን ፍጹም ዚከኣል ኣይኮነን። ኤህም ብጎነጽ ክብል ከሎ ካብ'ዚ ዕላማ'ዚ ኢዩ ዚብገስ። ፈቲና ጸሊእና ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቒ እዚ'ዩ። ነዚ ሓሳብ'ዚ ዚቕበል ቃልሲ ክቕየስ ኣለዎ።

ኤህም ምስ ናቱ ኣረኣእያ ዚሰማምዑ ውድባት ክተሓጋገዝን ክሰርሕን ጸገም የቢሉን። ክነው'ዚ ሓሊፉ ኣብ መሰረታት መንጸፍ ዚገበረ ሓቀኛ ሓድነትን ስምረትን ድማ ይቕበል። ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ኣብ ሓደ ተጠርኒፉን ብሓደ ምእኩል ስትራተጂ ክሰርሓ ኣሎወን። እዚ ክብሃል ከሎ ግን ሕሙሙን ጥዕዩን ከም ዘለዎ ኣብ ሓደ ቖራዕ ኣእቲኻ ክተስርሖ ምፍታን ዚከኣል ኣይኮነን። ኣብ ጉዳይ ሃገር ንጹርን ዶቡ ዘነጸረ ራእይ ዝወነነ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ሃይማኖታዊ እምነቱ ኮነ ፖለቲካዊ እምነቱ ዝኸበረሉ፡ ክብርታቱን ባህላዊ ልምድታቱን ዚዕቅበሉ፡ ብሓባር ተኸባቢሩን ተጻዋዊሩን ናይ ምንባር ውሕስነት ዘምጽእ ጥዑዩን ንጹርን ስትራተጂ ምውናን የድሊ።

ሃይማኖታዊ ኮነ ዓለታዊ ጽልዋ ዘለዎ ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣይቕበሎን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ እዚ ጽልዋ'ዚ ኣብ ሓይልታት ተቓውሞ ይዕዘብ ስለ ዘሎን፡ ሳዕቤኑ ከኣ ቀሊል ከም ዘይኮነ ስለ ዘስተባህለሉን መንጎኛ መርገጺ ሒዙ ዘሎ። ዘሕልፎ ዘሎ ስቓይን መከራን ዕለታዊ መግቡ ኮይኑስ ኣዝዩ ስለ ዚመረሮ መርእያ ናይ ተቓውምኡ በብዝረኸቦ ዕድል ናብ ስደት ይውሕዝን ይብተንን ዘሎ። እዚ ንባዕሉ ፍታሕ ከም ዘይኮነ ኣጸቢቑ ድማ ይፈልጥ ኢዩ።

እሞ ድኣ እንታይ'ዩ ኣጊትዎ ዘሎ ናብ ቃልሲ ዘይስለፍ ዚብል ሕቶ ካብቲ ተኣፋፊን ዝፈርሖን ነገራት ተበጊሱ፡ ካብ ዘይንፈልጦ መልኣኽስ ንፈልጦ ሰይጣን ይሕሸና ዚብል ርእይቶ ስለ ዘለዎ'ዩ። እዚ ሓቢእካ ዝሕባእ ጉዳይ ኣይኮነን ሓቒ ኢዩ። <u>ፊተ. ሚካኤል ሓሳማ ራካ</u> ኣብ ዛንታ ኤርትራ ዚብል መጽሓፎም ዓለታት ኤርትራ ኣብ ኩሉ ኣውራጃታት ፋሕ ኢሉም ከም ዚርከቡ ብንጹር ኣስፊሮሞ ኣሎው። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከኣ ክርስትያን ጸኒሖ ዝምስልም፡ ኣስላማይ ጸኒሖ ዝኸስትን ከም ዝነበረ'ውን ይዝንቶ። ኣብ ነንሕድሕዱ ዘሎ ምትእስሳራትን ሓድነትን ከም ዝተርርር፡ ዚቀራረብን ዚምዕብልን ኢና ክንሰርሕ ዚግባኣና። ብሰላም ምንባር ማለት ከኣ ሓድነትን ዘይሕከኽ መሰል ህዝብታትን ምስ ዝኸበርን ዝረጋገጽን ኩሉ ኣብ ቦቦትኡ ብሰላም ይነብር። ሰላም ኣብ ሃገሩ ሰላም ምስ ጎራባብቱ ኢዩ ዚደሊ። ህግደፍ ዝጥቀመሉ ሜላ ክንቀድሕ ከሎና ግን ከይተፈለጠና ንሓድነት ህዝቢ ዚፈላሊ ተራ ንጻወት ኣሎና ማለት ኢዩ። መሰረት ናይቲ ጉዳይ ብግቡእ ኣለሊና ንሓድነት ህዝቢ ዚጠምር ሓበራዊ ቃልሲን፡ ንኹሉ ብማዕረ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢኡ ዘሳትፍ ጥዑይ ፖሊሲ ክንክተል ኣሎና።

ኣብ ሞንጎ ህዝብን ሃይማኖትን ጽልእን ምጥርጣር ንኽነግስ ዕድል ዚኸፍት ኣተሓሳስባታት ክኹነን ይግባእ። ሓይልታት ተቓውሞ ካብዚ ኣረኣእያታት'ዚ ሓራ ክኾኑ ኣለዎም። ኣብ ዚሓለፈ ሳምንታት ኣብ ሞንጎ መሓመድ ቱርክን መንግስትኣብ ኣስበሮምን ዚግበር ዚነበረ ምልልስ ጽሑፋት ናይዚ ህያው ኣብነት ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ደንበ ተቓውሞ ሓደገኛ ኣንፈት ዘሓዘ ኣረኣእያታት ይነግስ ከም ዘሎ ኢና ክንግንዘብ ንኽእል። እዚ ጽሑፋት'ዚ ንህዝቢ ከም

ዘሰንብድ ዚክሓድ ይኮነን። ነዚ ሓደገኛ ኣተሓሳስባታት'ዚ ዘንቀሳቕሱ ባእታታት የሎውን ክንብል ኣይንኽእል ኢና። ንባዕሉ ስርዓት ህግደፍ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኮነ ንሓይልታት ተቓውሞ ንምዝራግ ሃሱሳቱ ኣዋፊሩ ከም ዝሰርሓሉ ኩሉ ዚሰማማዓሉ ሓቂ ኢዩ። ዘይተደልየን ተኣፋፍን ንቃልሲ ዘልምስ ምንቅስቓሳት ደፊርና ቅኑዕ ማኣዝኑ ክነትሕዞን ክነማዓራርዮን ግን ኣይከኣልናን። ብፍርሒ ዚትሓዝ ቃልሲ ከኣ  ክዕወትስ ይትረፍ ካብ ኮፍ ዝበለሉ እንኳን ክትንስእ ዓቕሚ የብሉን።

ኣየናይ ክፍሊ ሕብረተ-ሰብ ወይ ከባቢ ኢዩ በዚ ስርዓትዚ ደም ዘይነበዐ። ክርስትያኑን ኣስላማዩን ኮነ ብሄሩ ኩሉ ብሓባር ይግፋዕን ይጠምን ይስደትን ኣሎ። ኩሉ ኣብዛ ኤርትራ ንመዋእሉ ብሓባር ዚነብር ዝነበረን ዘሎን ኢዩ። ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኩሉ ብሓባር ተሰዊኡን ሰንኪሉን። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ደሙን ዓጽሙን ዘይከስከሰ ወዲ ብሄር፡ ዓሌት፡ ኣውራጃ ኣሎ ዲዩ? ሳላ ሓበራዊ ተሳታፍነቱዶ ኣይኮነን ልዕላዊት ኤርትራ ህያው ኮይኑ ዘሎ። እንተኾነ ኩሉ ፍረ ጻዕሩ ከኣ ስርዓት ህግደፍ መንጢልዎ። ነቲ ንቡሩን ቅሱንን ሂወቱ ከኣ ስርዓት ህግደፍ ይብትኖን ይዘርጎን ኣሎ። ነንበይኑ ተነጻጺሉኽ ናበይ ኢዩ ክኸይድ? ኣብ ሃገረ ኤርትራ ኣስላማይ ብዘይ ክርስትያን፡ ክርስትያን ብዘይ ኣስላማይ ናይ ምንባር ተኽእሎ ኣሎ ዲዩ? እንተ ተደልዩኽ ይከኣል ዶ? ሓደ ብሄር ንበይኑ ተነጺሉ ክነብር ተኽእሎ ኣሎ ዲዩ? ኣብ ሞንጎ ሕብረተ-ሰባት ፍልልይ ምዕባለ ከም ዘሎ ዝከሓድ ኣይኮነን። ኣብ ሞንጎ ገጠርን ከተማን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። እዚ ኩሉ ካልኣዊ ኢዩ። ሕጂ ቀዳማይ ቦታ ዝሕዝ ኣይኮነን። ቀዳማይ ጸላኢ ስርዓት ኣስመራ ኢዩ። ስለዚ እንኮን ቀዳማይን ፍታሕ ከኣ ናይ ኣስመራ ስርዓት ኣሊኻ ኩሉ ፖሊሲታቱ ሰሪዝካ ብህዝቢ ዚተመርጸ ጥዑይ ሃገራዊ ፓርላማ ምስ ተተኽለ ኢዩ ሰላማዊ ዘተን ምይይጥን ቦታ ዝረክብ። ሽዑ ብመጽናዕቲ ዚተሰነየ ኣብ ኩሉ ከባቢታት በብደረጅኡ ዚዝርጋሕ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ቁጠባ፡ ባህሊ ዘሎ ፍልልያት ንምጽባቡ ዕድል ዝርከብ። ወላ ነዊሕ ግዜ እንተወሰደ ድልየትን ሃንቀውታን ህዝቢ ኤርትራ ምዕዋቱ ዘይተርፎ እዃ እንተኾነ ብዘይ ከቢድ ስራሕን መስዋእትን ክጭበጥ ዚከኣል ኣይኮነን። ኣብ 2010 ንኤህም ዚጽበዮ ዘሎ ሓደ ዓቢ ዕማም ከኣ እዚ'ዩ። ካብዚ መንፈስ'ዚ ተበጊሱ ኢዩ ከኣ ኣብ 2010 ክልተ ብድሆታት ኣሎና ዚበለ።

በዚ ኣጋጣሚ ንኹሉ ርሑስ በዓል ልደትን ብልጽግቲ ሓዳስ ዓመትን ይግበረልና።

ዓወት ወይ ሞት

ሃብተማርያም በርሀ

ታሕሳስ 23,2009